# ዋዕላ ፌስቲቫል ወረዳ ኢሮብ




**ለካቲት 2006, ደውሃን**

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ምም/ር ወረዳ ኢሮብ

# ኣብ ወረዳ ኢሮብ ንዝካየድ ባዓል ፌስቲቫል ኣመልኪቱ ዝቐርብ መበገሲ ፅሑፍ

ለካቲት 2006 ዓ/ም

ደውሃን

## 1. መእተዊ

- ኢሮብ 7ተ ጣብያታትን 28ተን ቁሸታት ኣለዋኣ
- ክሳብ 850 ኪ/ሜ2 ስፍሓት መሬት ኣለዋ ።
- ወረዳ እታወሰነሉ
  - ብሰሜን ኤርትራ
  - ብደቡብ ወረዳ ሳ/ፃ/እምባን ዓፋርን
  - ብምብራቅ ክልል ዓፋር
  - ብምዕራብ ወረዳ ጉ/መኸዳን ኤርትራን
- ብራኸ ካብ 1200 masl.ዕንደሊ ክሳብ 3249 masl ዓስምባ
- ደጉዓ 15%፣ወይናደጉዓ 45%፣ ቆላ40% ይግምት
- ዝናብ 140-400ሚሜ፣
- ሙቀት ካብ 15 ክሳብ 30 0c ከምዝበፅሕ ይግመት።

- በዝሒ መ/ስድራ 7071 ካብ'ዚ ደ/ኣንስትዮ 2902 (41%)

- በዝሒ ህዝቢ 33912 ኮይኑ ደ/ኣንስትዮ7220(50.78%)

•መሬት ዘለዎ መ/ስድራ ብድምር 4490(63.5%) ዝተረፈ 2581(36.5%) የቡሉን

•ካብ ዓድግራት ናብ ደውሃን ዘሎ ርሕቐት 42 ኪ/ሜ እዩ

•ሽፋን መንገዲ 151.7 ኪ/ሜትር በፂሑ ኣሎ

•መንገዲ ዓ/ለኸማን ዓሊቴናን ደረጃ RR50(DC-2)ሓጋይ ምስ

ክረምቲ የገልግል

•እንዳሞሳ፣ ሓ/ሰባዕታን ወርዓትለን ደረጃ RR10(DC-1) ሓጋይ

ጥራሕ ዘገልግል እዩ

- ካብ ደውሃን ናብ 6ተ ጣብያታት መንገዲ ኣለወን
- ሻብዐይቲ ጣብያ ኣራዕ መንገዲ ኣብ ህንፀት ይርከብ

- ሽፋንን ተበፃሓይነትን ትምህርቲ ንምዕባይ ብዝተኻየደ ከቢድ ናይ ህዝብን መንግስትን ፃዕሪ 16ተ ሳተላይት ፣38ተን ቀዳማይ ብርኪ፣2ተ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ በፂሐን ኣለዋ
- ሽፋን ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ልዕሊ 99% በፂሑ

- ኣብ ጥዕና ክሳብ ሐዚ 4ተ ጥዕና ጣብያታት፣6ተ ጥዕና ኬላን 1ቲ ድማ ማእኸላይ ክሊንክን በፂሐን

- ከም ወረዳ ክሉ መ/ስድራ ብጥሙር ጥዕና ፓኬጅ ዝተሓቖፈን 16ተ ባእታታት ጥዕና ኣታኣታትዮም ዝተመረቑን እዮም።

## ግልጋሎት መብራህቲ

- ዓ/ለኾማ ፣እንዳምሳ ፣ደውሃንን ዓሊቴናን ተጠቀምቲ ከይነን ኣለዋ
- እንዳልጌዳ ዝርግሐ ተወዲኡ ኣሎ
- ናይ ሓ/ሰባእታ ከም ፕሮግራም ተታሒዙ እዩ
- ናይ ኣራዕን ወርዓትለን'ውን ምስ መንገዲ ዝፍታሕ እዩ

## ስልኪ

- ናይ ሞባይል ተጠቀምቲ

ዓሊቴና፣ዓ/ለኾማ ፣እንዳሞሳን ሓ/ሰባዕታን

መስመር ስልኪ

- ደውሃን

## 2. ዝተበፅሐ ልማዓታዊ ሽፋንን ፉሉይ ትኹረት ዘድልዮምን

### 2.1. ማይ ዝምልከት

- ናይ ማይ ዘሎ ፀገም ልዕሊ ኹሉ እቲ ዝዓበየን እዚ ፀገም ብምፍታሕ ድማ ካልኦት ዝበዝሑ ፀገማት ምፍታሕ ማለት ከምዝኸንን ርዱእ እዩ።
- ኣብ ዙርያ ማይ ዘሎ ፀገም ንምፍታሕ ብመንግስቲ፣ህዝብን ካልኦት ድጋፍ ዋሃብትን ብዝተገበረ ፃዕሪ ለውጥታት ኣለዉ።
- ነቲ ፀገም ንምቅላል ፃዓርታት ዋላ ይካየዱ ብሰንኪ ዘጋጥም ተደጋጋማይ ድርቂ ዝተሰርሐ ስትራክቸር ማይ ዘይምሓዝን ክንዲ ዝደለ መጠን ዘይምኻንን ኣሎ

- ንዘሎ ፀገም ንምፍታሕ  ሕ/ሰብ ዝካኣል ፃዕሪ ኣብ ምግባር ይርከብ

- ክልል መንግስቲ ድማ ናይቲ ፀገም ክብደት ኣብ ግምት ብምእታው ክሳብ **ናይ ማይ ቦጥ መኪና መዲቡ** መንገዲ ንዘለወን ጣብያታት ፀገመን ንምቅላል እናፃዓረ ይርከብ

- ዘሎ ናይ ዝናብ ኩነታት ንምግንዛብ ዝኣክል ዝሓለፉ ሽድሽተ ዓመታት ሬንጌጅ ኣብ ዘለወን 5ተ ጣብያታት ዘሎ መጠንን ዝርገሐን ንርአ

ካብ 2000 ክሳብ 2005/06 ዓ/ም ዝነበረ ዝናብ ዓቐን

| ተ.ቁ | ምህርቲ ዘመን | በዝሒ መዓልቲ | ማእኸላይ ሚሜ | ዝጀመረሉ | ዘቋረፀሉ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 2000/01 | 6 | 42 | 15/11/00 | 16/12/00 |
| 2 | 2001/02 | 8 | 67 | 8/11/01 | 18/12/01 |
| 3 | 2002/03 | 11 | 62 | 28/10/02 | 24/12/02 |
| 4 | 2003/04 | 7.8 | 39 | 12/11/03 | 17/12/03 |
| 5 | 2004/05 | 9 | 48 | 19/11/04 | 23/12/04 |
| 6 | 2005/06 | 5.6 | 29.6 | 21/10/05 | 11/12/05 |
| ማእኸላይ | | 8 | 48 | | |

- ዝሓለፉ ሽድሽተ ዓመታት ሓምለ ጀሚሩ ነሓሰ ዝወፅእ ምኻን

- ብማእኸላይ 8ተ ናይ ዝናብ ማዓልቲ ጥራሕ እዩ

- ዝርከብ ዝናብ ናብ ጥቅሚ ንምውዓል ብስፍሓት **ማይ ናይ ምዕቛር ስራሕቲ** ምስራሕ መማረፂ የብሉን

## 2.1.1. ሽፋን መስተ ማይ

- ሽፋን መስተ ማይ ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናተፈፀሙ መፂኦም እዮም
- ሽፋን ዝስተ ማይ ከም ወረዳ ዝተበፅሐ ብማእኸላይ 50.5%
- ዝዓበየ ሽፋን ዘለዋ ጣብያ እንዳሞሳ 79%፣ዝተሓተ ሽፋን ድማ ጣብያ ኣራዕ 24% እያ።
- ዘለዋ ናይ ማይ ናቑጣታት ብተደጋጋሚ ምድራቕን ምብልሻውን ኣሎ

## ሀ. ሽፋን ማይ ብጣብያታት ዝርዝር

| ተ ቁ | ጣብያ | መ/ስድራ | ማይ ተጠቀምቲ | ተጠቀምቲ ዘይኮኑ | ሽፋን % |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ሓ/ሰብዕታ | 526 | 327 | 199 | 62 |
| 2 | ዓገረለኹማ | 924 | 557 | 367 | 60 |
| 3 | እንዳ ሞሳ | 658 | 520 | 138 | 79 |
| 4 | ዓሊቴና | 1607 | 818 | 789 | 50.9 |
| 5 | እንዳልጌዳ | 1693 | 803 | 890 | 47 |
| 6 | ወርዓትለ | 928 | 368 | 560 | 40 |
| 7 | ኣራዕ | 735 | 180 | 555 | 24 |
| ድምር ከም ወረዳ | | 7071 | 3573 | 3498 | 50.5 |

## ለ. ነባር ማይ ናቑጣታት

| በዝሒ ማይ ትካል | ዝሰርሕ ማይ ትካል | | ዘይሰርሕ ማይ ትካል | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | በዝሒ | % | ዝደረቓ | ክፅገና ዝኽእላ | ክፅገና ዘይኽእ | ድምር | % |
| 208 | 111 | 53 | 62 | 26 | 9 | 97 | 47 |

ስለዚ ኣብ ማይ መስተ ዘሎ ክፍተት ንምቅላል

- ንፅገና ትኹረት ምሃብ

- ኣብ ኣራዕ ድማ መንገዲ ምስተወድአ ዓብይቲ መሽናት ማይ ምኹዓት ከምዘድሊ

- ኣብተን ካልኦት ጣብያታትውን ምስተን ጣብይታት ዝኸይድ ዓይነት ሰትራክቸር እናስራሕኻ ነቲ ፀገም ምቅላል

## 2.1.2.መስኖ ማይ ስትራክቸራትን ዝተበፅሐ ሽፋንን

### ሀ. ዘለዉ ናይ ማይ ስትራክቸራት በዝሒ

| ተ ቁ | ዓይነት ስትራክቸር | በዝሒ ስትራክቸር | ተጠቃሚ ገባር |
|---|---|---|---|
| 1 | ዓብይ ግድብ | 1 | 285 |
| 2 | ዳይቨርሽን | 1 | 15 |
| 3 | ስፔት | 11 | 136 |
| 4 | ፍልፍል ምጉልባት | 2 | 18 |
| 5 | ቼክ ዳም | 10 | 80 |
| 6 | ሓባር ዔላ | 24 | 214 |
| 7 | ወልቀ ባስካ | 830 | 830 |
| 8 | ዉልቀ ዔላ | 74 | 74 |
| | ድምር | 953 | 1652 |

## ለ. ማይ ዘለዎን ዘይብሉን መ/ስድራ

| ተ ቁ | ዓይነት ማሕበር | መሬት ዘለዎ | ማይ መማረፂ | | ናብ ተግባር ዝኣተወ | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ዘለዎ | ዘይብሉ | ተግባር ዝጀመረ | መንደቅ ዘጠቓ |
| 1 | ሓረስታይ | 2409 | 1242 | 1167 | 728 | 529 |
| 2 | መንእሰይ | 670 | 288 | 382 | 354 | 146 |
| 3 | ደ/ኣንስት | 1411 | 349 | 1062 | 501 | 145 |
| ድምር | | 4490 | 1879 | 2611 | 1583 | 820 |
| ፐርሰንት | መሬት ካብ ዘለዎ | | 42 % | 58 % | 61% | 52% |
| | ካብ ድምር መ/ስድራ | | 27 % | 37 % | | |

ማይ ባንኪ ኣብ ምውናን ዘሎ ኩነታት

- ድምር መ/ስድራ 7071
- መሬት ዘለዎ 4490

- ማይ ካብ ዘለዎም 1879 (42%)
  - ሓደ መማረፂ ዘለዎም 1762 (94%)
  - ክልተ መማረፂ ዘለዎም 117 (6.23%)

- ተግባር ዝጀመሩ 1583 ኣጠቓሊሎም እንተለሲኖም ማይ መማረፂ ዘለዎም 3462 (77%) ይብፃሕ ኣሎ

## ኣብ ማይ መማረፂ ዘለዉ ክፍተታት

- ብዝተፈላለዩ ኣካላት ዝስርሑ ስትራክቸራት ፅሬቶም ምጉዳል

- ብኢንተርፕራይዝ ህንፀት ጀሚርካ ዘይምውዳእን ፅሬት ምጉዳልን

- ብኢንተርፕራይዝ ዝተሰርሓ ማእኸለዎት ግድባት ዘለወን ኣፈፃፀማ እንትንርኢ

ሐ. ብክልል ኢንተርፕራይዝ ዝተሰርሓ ማእኸለዎት ግድባት/Mindam/ ዘሎ ኩነታት

| ተ ቑ | ዝተሰርሐሉ ጣብያ | ሳይት | ዝተሰር ሐሉዓ/ም | ዘለዉዎ ዓበይቲ ፀገማት |
|---|---|---|---|---|
| 1 | እንዳሞሳ | ቦዞ | 2002/03 | ምዝራቅ ማይ ጠቅላላ ኣይትሕዝን ኣይተመለአትን ዓበይቲ ኣእማንን ሓመድን ኣብ ማእኸል ምህላው መተንፈሲ ዘይምስራሕ |
| 2 | እንዳሞሳ | በሎሶ | 2005 | ሰረት ተኻዒቱ ጠጠው ዝበለ |
| 3 | እንዳሞሳ | ግራዒፊል | 2005 | ሰረት ተኻዒቱ ጠጠው ዝበለ |
| 4 | እንዳልጌዳ | ሔራ | 2003 | ምዝራቅ ኣብ ውሽጡ ዝተኾመረ ሓመድን እምንን ምህላው መተንፈሲ ፀገም ኣለዎ |
| 5 | ዓሲተና | ጊቢዳዎ | 2001 | ኣብ መተንፈሲ ዓብይ ፀገም ምህላው ማይ መሊኡ በላዕሊ ይፈሲስ /ኣብ ሓደጋ ዘላ/ |
| 6 | ዓሲተና /ኣዎ | ቡያን | 2003 | መተንፈሲ ዳርጋ ኣይተሰርሓሉን ውሱን ማይ ምዝራቅ ኣለዎ |
| 7 | ዓሲተና | ዳያ | 2005 | ገና ኣብ ከይዲ ዘላ |

## ኣብ ዙርያ ማይ ንዘለዉ ፀገማት ንምፍታሕ ቐፃላይ ትኹረት ዘድልየን

- ኣብ እንዳልጌዳን ዓ/ለኾማ ዘለዉ ብውስን ዝዉሕዙ ማያት ፅንዓት ገይርካ ምጥንኻርን ናብ ጥቕሚ ዝውዕልሉ መንገዲ ምምችቻው

- ኣብ ሰፋሕቲ በረኻታት ዝስማዕምው ደረቕ ማይ ስትራክቸራት ብምስራሕ መሬት ዘይብሎም መናእሰይ ተወዲቦም ቀለብ ንህብን ቀዋሚ ተኽልን ከልምው ምግባር

- ዘድሊ ቐረብ ስምንቶ ብእዋኑ ምቕራብ
- ኢንተርፕራይዝ  ዝሰርሖም ስራሕቲ ፅሬቶም ሓሊዮም ብእዋኑ ናብ ረብሓ ዝውዕልሉ መንገዲ ምፍጣር

- መንገዲ ኣብ ዘይብለን ከባቢታት ንግድባት ዝጥዕም ከባቢ ብምህላዉ ነዚ ብመፅናዕቲ ምድጋፍን መንገዲ ሰሪሕኻ ድማ ግድባት ዝስርሓሉ ኩነታት ምርኣይ

## 2.2. ሕርሻን ገጠር ልምዓትን

### 2.2.1.ተፈጥሮ ሃፍቲ

- ዝተኸለለ መሬት 29055.78 ሄ/ር ካብዚ
  ዝተኸለለ ድማ
  - ብደኒ ዝተሸፈነ 11997.18 ሄ/ር (41.3%)
  - ዕ/ሓ/ማይን ዝተሸፈነ 17058.6 ሄ/ር (58.7%)
- ጋህፂ መሬት 19297.4 ሄ/ር (22.7%)
- በለስ 30804 ሄ/ር (36.24%)

# 2.2.2.ሃፍቲ እንስሳ

- ክሳብ ሐዚ ብወረዳ ብዝተገበረ ፅንዓት መሰረት ኣብ'ዚ ወረዳ እዚ ስዒቡ ተገሊፁ ዘሎ መረዳእታ የመላኽት።

## ከም ወረዳ ዘለዋ እንስሳ በዝሒ ብዓይነት

| ተ/ቑ | በዝሒ እንስሳ | በዝሒ |
|---|---|---|
| 1 | ከፍቲ | 20,189 |
| 2 | ጠለበጊፅ | 63,340 |
| 3 | ኣድገ በቕሊ | 7,128 |
| 5 | ደርሁ | 26303 |
| 6 | ዘ/ቆፎ | 4471 |
| 7 | ባ/ቆፎ | 4007 |

## ከም ወረዳ ኣብ ልምዓት ሃ/እንስሳ ብዝግባእ  እንተሰሪሕናሉ  ዝሳዓለ ውፅኢ ክነምፀአሉ  ኢና እንብሎም

1. ምህጣርን ምርባሕን ጠለበጊዕ

2. ልምዓት ንህቢ

3. ልምዓት ደርሆ ኮይኖም ብዝርዝር ድማ

## ሀ. ምህጣርን ምርባሕን ጠለበጊዕ

- ዘለዋ በዝሒ 63340 ኮይነን ብማእኸላይ ብሕድሕድ መ/ስድራ 8.95 ጠለበጊዕ ምህላወን የመላኽት።

- ዋላ ቁፅረን ይውሓድ ጠለበጊዕ ናይ ምርባሕ ልምዲ ዳርጋ ብሕድሕ ገዛ ምህላው

- ሕድሕድ መ/ስድራ ጠለበጊዕ እናራባሐ ብምሻጥን ካብ ውፅኢት ፀባ ዝርከብ ምህርትን ደሚርካ ዘይናዓቕ ጥቕሚ ምርካብ ዝካኣል ምኻኑ የሪአካ

### ኣብ ምህጣርን ምርባሕን ዘሎ ጥንካረን ድኽመትን

## ጥንካረ

- ማዕፉር ዝበሃላ ዓሌታት(15915) ምዕቃብን ምርባሕን
- እናተመሓየሸ ዝመፀ ናይ ምኽታብን ምሕካምን ልምዲ
- ብሕድሕድ መ/ስድራ ጠለበጊዕ ናይ ምውናን ዘሎ ልምዲ
- ንኽታበትን ንሕክምናን ዘድሊ ናውትን መድሓኒትን ምምላእ

ድኽመት

- ኣብ ውስን ቁፅርን ፅሬት ክንዲ ምትኳር ኣብ በዝሕን ባህላዊ መንገዲ ምኽታል

- ዝተፈላለዩ ናይ እንስሳ ሕማማት ምህላው ክሳብ ሐዚ ኣለዉ ዝባሃሉ ሕማማት Top Five

  (ሚኢታ ፣ሓፈው፣ክንብል፣ቁርዲድን ወቓዕን)
- ክታበት እንስሳ ወሳኒ እዩ ኢልካ ብእዋንካ ዘይምኽታብ
- እንትሓማ ዋላ ጥዕና ኬላ ይርሓቕ ናብ ደውሃን መፂእኻ ዘይምሕካም
- ድርቂ ዝወለዶ ሕፅረት ቐለብ ምህላውን ነዚ ንምፍታሕ ዘሎ ፃዕሪ ትሑት ምኻን
- ስዲ ጋህፂ ምጥቃም
- እንስሳት ክሸወጣ ኣብ ዝግበኣን ዘይምሻጥን ናይ ምሻጥ ዘሎ ልምዲ ትሑት ምዃንን
- ብዘሎ ብቐሊሉ ናይ ዘይምርኻብ ችግር ነዚ ዝምጥን ናይ እንስሳት ጥዕና ኬላ እኹል ዘይምኻነን፣ሕፅረት ባዓልሞያን

# ለ. ንህቢ ልምዓት

- ንንህቢ ዝስማማዕ ኣየር ፀባይ ምህላው

- ብዘሎ ዝተፈላለየ ናይ ኣየር ፀባይ ዝተፈላለዩ ንንህቢ ቐለብ ዝኾኑ ዓሌታት ኣለዉ እዮም

- ዓይነት ቐለባት ዝርዝር ግርብያ፣ ተበብ፣ዓውን፣ ቆልቋል፣ ሰራው፣በለስ፣ኣላኺቶ፣ዕረ፣ባህርዛፍ፣ ዓውሒ፣ ስሑግ፣ዕዱ፣ ቆረነት፣ስዋቕርኒ፣ ዳንዴርን  እዮም
- ዝዕምብቡሉ እዋን ካብ መስከረም ጀሚሩ ክሳብ ነሓሰ ሙልእ ዓመት እዩ

- ክሳብ ሐዚ ዝተኣታተዉ ድምር ዘመናዊ ቆፎ **4471**
- ዘሎ ባ/ቆፎ 4007
- ስለዚ እንተተሰርሕሉ ዝበለፀ ትሕዝቶ ዘለዎን ናብ ዕዳጋ ቐሪቡ ተወዳዳራይ ዝኾነ ማዓር ምምራት  ይካኣል

## ደሚርካ ኣብ ዙርያ ንህቢ ልምዓት ዘሎ ጥንካረን ድኽመትን

### ጥንካረ

- እቲ ማዓር ኣብ ዕዳጋ ብጣዕሚ ተጠላቢ ምኻን
- ካብ ባህላዊ ናብ ዘመናዊ ንምስግጋር ዘሎ ፃዕሪ

### ድኽመት

- ዕስለ ዘለዎም ዘ/ቆፎ **2196 (49%)** ጥራሕ እዮም
- ካብ ዘሎ ዕስለ ብፅሒት ባህላዊ ቆፎ **65.6%** እዩ
- ስለ'ዚ ናብ ዘ/ቆፎ ምስግጋር ገና ከቢድ ስራሕ ዝሓትት ምኻኑ የመላኽት

- ምህርቲ መዓር ናይዚ ዓመት ወሲድካ ካብ ዘ/ቆፎ ብማእኸላይ 17.5 ኪ/ግ ካብ ባህላዊ ቆፎ ድማ 9.5 ኪ/ግ እዩ ዝርከብ

- ክእለት ገባር ኣብ ዘ/ቆፎ ብጣዕሚ ድሩት ምስ ምኻን ክሕግዘካ ንዝመፅእ ባዓል ሞያ ምህርትኻ ክይርኣልካ ምዝጋእ

- ሰብ ሞያ ዋሕድን ኣብቶም ዘለዉ'ን ክኣለትን ተሞክሮን ምንኣስ

- ናይ ዘ/ቆፎ ኣከሰሰሪ ብፍላይ ከምኒ መበርበሪ መዓር ብቐረባ ገባር ክረኸቦ ዘይምኽኣል።

- ዋጋ ዘ/ቆፎ ይኸብር እዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣይተሰገረን
- ዝተኸለሉ ከባቢታት ንንህቢ ኣይጠቅምን ዝብል ግንዛበ ምህላው
- ሰፊር ዘይምስራሕ፣ቀለብ ዘይምትካልን ተወሳኺ ቐለብ ዘይምቕራብን

## ሐ. ደርሆ ልምዓት

- ልምዓት ደርሆ ኣብ ወረዳ ኢሮብ ንነዊሕ ዓመታት እናተሰርሐሉ ዝፀንሐ ተግባር እዩ

- ሐዚ ብዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ዝተመሓየሻ ዓሌት ደርሁት ናብ ገባር እናተኣታተዋ ይመፃ ኣለዋ

- ድምር ካብ ዘለዋ ደርሁት እተን 67.5% ዘመናዊ ደርሁ ከምዝበፅሓን እዚ ማለት ድማ ብማእኸላይ 3.7 ደርሁት ብመራሒ ስድራ ይበፅሓ ።

- ስለ'ዚ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ዘሎ ለውጢ ድሓን ኮይኑ ሐዚውን ግን ጭጋረት ኣብ ምምሕያሽን ቁፅረን ብስፍሓት ኣብ ምእታውን ይተርፈና እዩ

## ደማሪርካ ኣብ ደርሁ ልምዓት ዘለዉ ፀገማት

### ክፍተታት

- ሰፈር ደርሆ ዘይምስራሕ
- በረኻ ምስ ምኻን ናይ ተፃባእቲ ፀገም ምህላዉ
- ቐለብ ዘይምድላዉ
- ናይ ክታበትን ሕክምናን ልምዲ ዘይምህላዉ

## 2.2.3. ዘራእቲ ልምዓት

- ተሓራሲ መሬት 1200 ሄ/ር(1.4%) ጥራሕ እዩ

- ስገም፣ ስርናይ፣ ዕፉን፣ ቀንዲ ዝዝርኡ ዓሌት ዘራእቲ ኮይኖም ቐፂሎም ድማ ዓ/ዓተር፣ ዓልቋይ፣ እንጣጢዕን ሓንፈፅን ብቐደም ሰዓብ

- እታ ዘላ ዋላ ትንኣስ ዘላ መፍረያይነታ ብምዕባይ እቲ ገባር ተጠቃሚ ምግባር ይካኣል

- መፍረያይነት ንምውሳኽ ድማ እዋን ዘርኢ ሓሊኻ ምዝራእ ፣ክንክን ዘራእቲ ምክያድ ፣ ኣጠቓቕማ እታዎታት ብኣግባቡ ብምጥቃም መፍረያይነት ምዕባይ ይካኣል

# ኣብ ዘራእቲ ዘሎ ጥንካረን ድኽመትን

## ጥንካረ

- ግራት ብፃዕርኻ ምፍጣር
- ዘሎ ናይ ጠሊ ምዕቃብ ልምዲ

## ድኽመት

- ድኹዒ ኣጠቓቕማ ናይ ሕሉፍ ኣፈፃፅማ ወሲድካ ኣብ ጥቕሚ ዝዋዓለ መጠን ድኹዒ ብማእኸላይ ኣብ ዓመት **34704 ኩ/ል** **28.92** ኩ/ል ኣብ ሄ/ር
- ኮምፖስት ናይ 3ተ ዓመት ብማእኸላይ 5516.3 ኩ/ል 4.6 ኩ/ል ኣብ ሄ/ር እዩ።
- ብተመሳሳሊ ሰብ ስራሕ መዳበርያ ኣጠቓቕማ እንተወሲድና ድማ ካብቲ ባህላዊ ዝነኣሰ እዩ።
- እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ፀገማትን ድርቅን ተደሚሮም ኣብ ዝርከብ ምህርቲ ምትሓት ኣሎ

ካብ 2002/03 ክሳብ 2005/06 ምህርቲ ዘመን ዝነበረ እቶት

| ተ.ቁ | ምህርቲ ዘመን | ዝተዘርአ ሄ/ር | ዝተረኽበ ምህርቲ ብኩ/ል | መፍረያይነት ካብ ሄ/ር |
|---|---|---|---|---|
| 1 | 2002/03 | 1200 | 26847.5 | 22.4 |
| 2 | 2003/04 | 1185 | 5113.5 | 4.3 |
| 3 | 2004/05 | 1187 | 6163.14 | 5.2 |
| 4 | 2005/06 | 1149.39 | 3478.3 | 3 |
| ማእኸላይ | | 1180.3 | 10400.6 | 8.8 |

## 2.2.4. ልምዓት መሰኖ

- ዝለዓለ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ዘለዎም ፍራምራ ኣሕምልትን ቅመማ ቅመምን ብስፍሓት ምትእትታው

- ነቲ ተጠቃማይ እኹልን ተኸታታሊን ቴክኒካዊ ደገፍ ምሃብ
- ኣብ ከባቢ ገዳም ጉንዳጉንዶ ካብ ነዊሕ እዋን ዝተጀመረ  ብፍላይ ኣብ ምልማዕ ቀዋሚ ተሞክሮ ዝፀንሐ ኣሎ

- ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን መሰኖ ልምዓት እናተሰፋሕፈሐን ናይ ምልማዕ ተሞክሮ እውን እናዓበየ መፅዩ ዛጊድ ድማ 185.3 ሄ/ር ምልማዕ ተኻኢሉ ኣሎ።

## ኣብ ልምዓት መስኖ ዘሎ ሕፅረታት

- ክሰፍሕ ዝግበኦ ናይ መስኖ ቦታታት ዘይምስፋሕ
- ዓሳቦል መሊኡ ናብ ልምዓት ዘይምእታዉ
- ኣብ ቋሚ ተኽሊ ምስ ዘሎ ብሉፅ ተሞክሮ ትኹረት ሂብካ ዘይምስፋሕ

## 2.2.5. ዕቋር ምዕቋር፣ ልቓሕ ምሃብን ምምላስን

ሀ. ዕቋር ምዕቛር

| ተ.ቁ | ምህርቲ ዘመን | በዝሒ ኣባል | | | ዝዓቖሮ መጠን ብር |
|---|---|---|---|---|---|
| | | ተባ | ኣን | ድምር | |
| 1 | 2003 | 876 | 764 | 1640 | 1044917 |
| 2 | 2004 | 1144 | 1164 | 2308 | 1675688 |
| 3 | 2005 | 1288 | 1419 | 2707 | 2458264 |
| 4 | 2006 | 2213 | 2229 | 4442 | 3104551 |
| ማእኸላይ | | 1380 | 1394 | 2774 | 2,070,855 |

- ምስ ዘሎ በዝሒ ህዝቢ እንትነፃፀር 61ብር ብነብሲ ወከፍ እዩ

- እዚ ምስ ዝውሰድ ዘሎ ልቓሕ መጠን እንትነፃፀር 168 ብር ብነብሲ ወከፍ ሰብ ልቓሕ ከምዝወሰደ እዩ

- ዝውሰድ ልቓሕ ካብ ዝዕቆር ዘሎ መጠን ልዕሊ ዕፅፊ ዝበዝሐ ምኻኑ እዩ

## ሰ.ኲለመዳይ ሕ/ስ/ማሕበር ኣባላት
## ምፍራይ ዘለወን ዝተፃረየ መጠን ካፒታልን

| ተ.ቁ | ዓ/ም | በዝሒ ኣባል | | | ዘለወን መጠን ብር |
|---|---|---|---|---|---|
| | | ተባ | ኣን | ድምር | |
| 1 | 2003 | 1265 | 1133 | 2398 | 879106 |
| 2 | 2004 | 1605 | 1118 | 2723 | 937683 |
| 3 | 2005 | 1715 | 1223 | 2938 | 980416 |
| 4 | 2006 | 2011 | 1476 | 3487 | 891192 |
| ማእኸላይ | | 1649 | 1238 | 2,887 | 922,100 |

## ጥንካረታት

- ኩለን ጣብያታት ዕቋርን ልቓሕን  ሕ/ስ/ማሕበር ኣለወን
- ብወረዳ ደደቢት ትካል ፍትሓዊ ልቓሕን ዕቋርን ኣሎ

## ዘሎ ፀገም

- ክሳብ ሐዚ ካብ ዝተዓደለ ልቓሕ ዝተመለሰ 32 % እዩ
- እዚ ማለት ልቓሕ ዘይምልስ ገባር ንቐፃላይ ፓኬጅ እንቅፋት እዩ
- ተለቒሕኻ ካብ ዝተቐመጠ ኣንፈት ወፃእ ምውዓል
- በቢደረጅኡ ዘለዉ ኣመራርሓ ኣካላት መርኣያ ኮይኖም ዘለዎም  ልቓሕ ዘይምምላስ
- ዘይምዕቛርን ናይ ብኸነት ልምዲ ምህላውን ዝበሉ ቀንዲ ክፍተታት እዮም።

## 2.3. ዘይሕርሻዊ ስራሕቲ (off farm)

- ምስ ዘሎ ፅበት መሬት ካብ ሕርሻ ወፃኢ ስራሕቲ ተወሳኺ ምስራሕ ብጣዕሚ ኣዋፃኣይ እዩ
- ክሳብ ሐዚ ዘሎ ስፍሓት ዘይብሉ ውስናት ደ/ኣንስትዮ ዝሰርሖ ናይ ስፈ፣ጎፍላን ማሕዘል ስራሕቲ እዩ

- ምስቲ ብዙሕ ፀማዳይ ስራሕ ዘይምህላው ኣብዚ ዓውደ ስራሕ እንተዝውፈረሉ ብዝሕ ረብሓ ምተረኸበሉ
- ስለዚ ብቐፃልነት ኣብ ስራሕቲ ንግዲ ከምእውን ኣብ ዝተመረፁን ተቐባልነት ዝህልዎም ናይ ኢደ ጥበብ ስራሕቲ ምስራሕ ክሕሰበሉ ይግባእ ( ዕዮ መሳርሒ ኣብ ሰበያ እዩ ዝበልሕ)

# 2.4. ትምህርቲ

**ዝተበፅሐ ሽፋን ትምህርቲ**

- ዘመናዊ ትምህርቲ ኣብ ኢሮብ ቅድም እሉ ከምዝተጀመረ ይፈለጥ እዩ
- ዋላ ቅድም ኢሉ ይጀመር ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ስርዓታት ኣድልዎ ወፃእን ዝነበሮም ብምኻኖም ከም ኣጀማምርኡ ብዙሕ ኣይተረብሐን
- ኣብዚ ሐዚ እዋን ሽፋንን ተበፃሓይነትን ትምህርቲ ንምዕባይ 28 ብመንግስቲ 12 ብገ/ሰናይ ብድምር 40 ስሩዓት 16 ድማ ዘይስሩዓት ኣብያተ ትምህርቲ ንምብፃሕ ተኻኢሉ እዩ

- ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ሽፋን ልዕሊ 99% ንምብፃሕ ተኻኢሉ ኣሎ
- ህፃናት ብቛንቀኦም ካብ 1-5ይ ክፍሊ ይምሃሩ ኣለዉ

## ሀ.ንፅፅር በዝሒ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ 1966 ክሳብ 2006 ዓ/ም

| ተ.ቁ | ናይ ትምህርቲ ዘምን | በዝሒ ቀዳማይ ብርኪ | በዝሒ ካልኣይ ብርኪ | ዘይስሩዕ ትምህርቲ | መዋእለ ህፃናት |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ክሳብ 1966 | 5 | 0 | 0 | 0 |
| 2 | ክሳብ 1983 | 12 | 1 | 0 | 0 |
| 3 | 1984-1993 | 22 | 1 | 3 | 1 |
| 4 | 1994-2006 | 38 | 2 | 16 | 2 |

## ለ. ምቁራፅ ተምሃሮ ካብ 2002 ክሳብ ለካቲት 2006 ዓ/ም

| ተ ቁ | ናይ ትምህርቲ ዘመን | በዝሒ ተምሃሮ | በዝሒ ዘቋረፁ | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ተባ | ኣን | ድምር | % |
| 1 | 2002 | 7676 | 459 | 291 | 750 | 9.7 |
| 2 | 2003 | 7617 | 228 | 137 | 365 | 4.7 |
| 3 | 2004 | 7549 | 79 | 76 | 155 | 2.0 |
| 4 | 2005 | 7750 | 47 | 31 | 78 | 1.0 |
| 5 | 2006 | 8014 | 15 | 11 | 26 | 0.32 |

ምቁራፅ ተምሃሮ

- ብዝተገበረ ፃዕሪ መጠን ምቁራፅ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናቐነሰ መፅዩ እዩ

# ኣብ ምቁራፅ ዘለዉ ክፍተታት

- ዋላ ኣብ 1ይ ብርኪ ዝሓሸ ናይ ሽፋን ደረጃ ይሃሉ ናይ ከባቢ ኣቀማምጣ ዝወለዶ ተምሃሮ ንምምልላስ ኣዝዩም ስለ ዘፀግሞም ከቋርፁ ይግደዱ

- ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ዘሎ ድርቒ ተኣሳሲሩ ሕፀረት መስተ ማይን ምግብን ምህላዉ

- ዝርገሐ 2ይ ብርኪ ብምትሓቱ ሓደ ተምሃራይ ብማእኸላይ ልዕሊ 20 ኪ/ሜትር ስለዝጓዓዝ ነዚ ናይ ምፅዋር ዓቕሚ ዝተሓተ ምኻን

- ካብ ርሑቕ ጣብያታት ናብ 2ይ ብርኪ ናይ ዝመፁ ተምሃሮ ወለድን ቤት ትምህርትን ንምርኻብ ብሰንኪ ራሕቒ ኣዝዩ ኣፀጋሚ ምኻን ።

# ሐ. መጠን ምሕላፍ ተምሃሮ

| ተ.ቁ | ናይ ትምህርቲ ዘመን | ምሕላፍ ተምሃሮ ብ % | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ | | ክልላውን ሃገራውን ፈተና | | |
| | | 1ይ - 7ይ | 9ይ - 11ይ | 8ይ | 10ይ | 12ተ |
| 1 | 2002 | 90.7 | 65.8 | 57.1 | 37.4 | 75.5 |
| 2 | 2003 | 93.4 | 91.9 | 61.1 | 17.6 | 23.3 |
| 3 | 2004 | 97.2 | 85.7 | 86.5 | 35.2 | 46.2 |
| 4 | 2005 | 98.9 | 97.9 | 85.12 | 26.2 | 33.3 |

- ተምሃሮ ንዘለዉዎ ደረጃ ዝምጥን ፍልጠት ሒዞም ክሓልፉ ዓበይቲ ወፍርታት እናተገበሩ መፅዮም እዮም ።

- ተፈተንቲ ክልላውን ሃገራውን ተምሃሮ መሰረት ብምግባር ዝግበሩ ናይ ምብቓዕ ስራሕቲ ነይሮም

- ናይ ተምሃሮ ኔትዎርክ፣ፓርላማ ተምሃሮ ናይዚ ቁልፊ ተዋሳእቲ ብምግባር ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ናይ ባዕሉ ኣወንታዊ ግደ ነይርዎ

- ብዝነበረ ፃዕሪ ኣብ 8ይ ክፍሊ ዓብዪ ለዉጢ መፂኡ እዩ

- ኣብ 10ይን 12ተን ክፍሊታት ግን ብስፍሓት ይተርፍ'ዩ

# ተምሃሮ ናይ ምውዳቕ ቀንዲ ምኽንያታት

- ተማሂረ ክሓልፈለይ ዝብል ኣተሓሳስባ መሊኡ ዘይምህላው
- ምስ ምቹውነት ቤት ትም/ቲ ተዛሚዱ እኹል ማይ ፣ ቤተፈተነ ፣ ቤተንባብ ፣ ጨ/ማእኸል፣ ሽንት ቤት ዘይምህላዉ
- ምልቃቅ መምህራን ኮይኑ ብፍላይ ዝለቁን ዝትክኡን መምህራን ዘይመጣጠኑ ምኻኖም
- ኣብ 2ይ ብርኪ ዘሐሸ ዉፅኢት ዘመዝግቡ ተምሃሮ ናብ ዓዲግራትን ናብ ሚስዮን ማሕበራትን ምኻድ ስለዘሎ ናይ ዓርሰ ምምህሃር ከይዲ ምድኻሙ
- ኣብ ኩሉ ብርኪ ነቲ ደረጃ ዝምጥን መምህር ብዝድለ መጠን ኣብ ዕዳጋ ዘይምርካብ።

## 2.5. ጥዕና ስራሕቲ

- ብዝተኻየደ ከቢድ ፃዕሪ ሽፋን ጥዕና ክዓቢ ተገይሩ ክሳብ ሐዚ 4ተ ጥዕና ጣብያታት፣6ተ ጥዕና ኬላን 1ቲ ድማ ማእኸላይ ክሊንክን ይርከባ
- ከም ወረዳ ሙልእ መ/ስድራ ብጥሙር ጥዕና ፓኬጅ ዝተሓቖፈን 16ተ ባእታታት ጥዕና ኣታኣታትዮም ዝተመረቑን እዮም
- ክልተ ኣምቡላንስ ሓገዝ ብምግባር ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ምቕናስ ተኻኢሉ
- ካብ 2003 ክሳብ 2005 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዘ ኣብ ሕማማትን ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ምንካይ፣ ስራሕቲ ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ዝተበፅሐ ሽፋን ንፅፅር ከምዚስዕብ ይመስል።

1.ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ምንካይ

ሀ.ምንካይ ሕማምን ሞት ኣዴታትን

| ተ.ቁ | ዝርዝር ስራሕቲ | በቢዓመቱ ዝተበፅሐ ብ% | | |
|---|---|---|---|---|
| | | 2003 | 2004 | 2005 |
| 1 | ወሊድ ግልጋሎት | 70 | 37.3 | 50.3 |
| 1.1 | ኣብ ጥዕና ትካላት ብዝሰልጠነ ባዓል ሞያ ዝወለዳ | 38 | 26 | 83.7 |
| 1.2 | ብጥ/ጥ/ ኪኢላታት ሐገዝ ዝተዋለዳ | 40 | - | - |
| 1.3 | ብዘይደገፍ ኣብ ገዛ ዝወለዳ | - | - | - |
| 1.4 | ኣብ ወሊድ ዝሞታ ኣዴታት | 1ቁፅሪ | 1ቁፅሪ | 1ቁፅሪ |
| 1.5 | ኣብ ወሊድ ዝሞቱ ህፃናት | 0 | 5ቁፅሪ | 10ቁፅሪ |

## ስራሕራቲ ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ

| ተ.ቁ | ዝርዝር ስራሕቲ | በቢዓመቱ ዝተበፅሐ ሽፍን ብመ/ስድራ | | |
|---|---|---|---|---|
| | | 2003 | 2004 | 2005 |
| 1 | ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ፓኬጅ ዝምልከት | | | |
| 1.1 | በዝሒ መ/ስድራ | 6175 | 6650 | 6817 |
| 1.2 | ዝተመረቑ መ/ስድራ | 5945/6175<br>96% | 5945/6175<br>96% | 6550/655<br>0100% |
| 2 | ደምበ ምፍላይ ዝምልከት | | | |
| 2.1 | ደምበ ክፈልዩ ዝግብኦም | 99% | 99.9% | 100% |
| 2.2 | ደምበ ዝፈለዩ | 99% | 99.9% | 100% |

## 3. ኣብዚ ፌስቲቫል መፍትሒ ክረኽቡ ትፅቢት ዝግበረሎም ዝርዝር ክፍተታት

### 3.1. ብወረዳን ህዝብን ዝፍትሑ

- 100% ህዝቢ ማይ ክውንን ናይ ምኹዓት፣ ምንዳቕን፣ሓሸዋን ፀፀርን ናይ ምእካብ ስራሕቲ ብእዋኑ ክሰርሕ
- ዝላኣኽ ስምንቶ ብኣግባቡ ምጥቃምን ምዕቃብን
- ሊቓሕ ብእዋንካ ምምላስ
- ዘሎ ናይ ብኽነት ልምዲ ምቕናስ ናይ ምዕቓር ባህሊ ምዕባይ
- ካብ ባህላዊ ቆፎ ናብ ዘ/ቆፎ ክሰጋገር ናይ ምርድዳእ ስራሕቲ ምስራሕ
- ኣብ ውሽጢ ይኹን ደገ ዘለዉ ተወለድቲ ህዝቦም ንክሕግዙ ዘድሊ ፃዕሪ ምክያድ
- ወለዲ ኣብ ትምህርቲ ደቆም ክከታተሉን ብትምህርቲ ዝቕየሩ ምኻኖም ምርዳእ

## 3.2. ብመንግስቲ ዝፍትሑ

1. ንማይ መዕቖሪ ዘድሊ ስምንቶ

- ንዝተጀመሩ 1583 ናይ ማይ ስትራክቸራት መዛዘሚ ዝኸውን 31660 ኩ/ል
- ብቐፃሊ ድማ 2611 ስትራክቸራት ብምስራሕ 100% መ/ስድራ መማረፂ ማይ ንክህልዎ ዘድሊ ስምንቶ እንተዝድገፉ

2. ኢንተርፕርያዝ ዝጀመርወን ስራሕቲ ብፅሬትን ብእዋንን ምጥቅላል ብፍላይ ከም ወረዳ ናይ ስእነት ሰናይ ምም/ር ምንጭ ይኾና ስለዘለዋ።

3. ብመቐለ ዩኒቨርሲቲ ዝተፅንዓ ሚኒዳም ስትራክቸራት በጀት መዲብካ ክስርሓ ምግባርን ናይ ፅንዓት ፀገም ዘለወን ድማ ዳግም ክፅንዓ ምግባር ፤ካብ ዝተፀንዓ 36 ግድባት ዛጊድ 27 ኣይተጀመራን

4.ኣብ ኣራዕ ዘሎ ከቢድ ናይ ማይ መስተ ፀገም ንምቅላል ተጀሚሩ ዘሎ መንገዲ ማሽነሪታት ብምውሳክ ምቅልጣፍ የድሊ

5.ናይ በለስ ሃፍቲ ከመይ ምጥቃም ይካኣል ዝብል ፅንዓት ምክያድን ፍረ በለስ ንምሻጥ ልምዲ ምስ ዘይምህላው ናይ ልምዲ ፀገም ናይ ትራንስፖርት ድጋፍ የድሊ።

6. ኣብ ትምህርቲ

ክንዲ ዝካኣል ብመንግስቲ ድጋፍ እንተዝግበረለን ዝባሃለ

- ናይ ክልቲኡ ፆታ ሽንት ቤት ዘይብለን ምምላእ
- 15 መምሃሪ ክፍሊ ተወሳኺ ምስራሕ
- ህንፀት መንበሪ ክፍልታት ንመምህራን የድሊ

ብቢሮ ትምህርቲ ክልልና እንተንሕገዝ ዝበልናየን ናውቲ

- ኮምፒተር
- ፎቶ ኮፒ መሽን 07 ብቑፅሪ
- መራብሒ መሽን  08 ብቑፅሪ
- መፃሕፍቲ ንቤተ ንባብን

7. ኣብ ጥዕና

- ደውሃን ናብ መባእታዊ ሆስፒታል ምዕባይ ፅቡቅ ኮይኑ ናይ ህንፀትን ምስፍሕፋሕን ስራሕቲ ገና ስለዝኾነ ክስራሕ ምግባር (ብመንግስቲ)

8.ናይ ሰራሕተኛ ምልቃቅ ስለዘሎ ነዚ ዘተባብዕ
መፍትሒ ምትእልላሽ ።

9. ኣብ ሃ/እንስሳ ንዘለዉ ፀገማት ንምፍታሕ ሓገዝ
ዘድልየን

- ካብ ዘላ 1ቲ ጥዕና ኬላ ናብ 5ተ ክዓብያ ምስራሕ

❖ ደውሃን ዘላ ንዓሊተናን ዓ/ለኾማን

❖ እንዳሞሳን ሓ/ሰባዕታን ኣብ ዝጥዕም ኸባቢ ሓንቲ

❖ ወርዓትለ፣ኣራዕን እንዳልጌዳን ምስ ብሕድሕደን
ተወሰኽቲ ሓደ ክህልወን

❖ንዝውሰኻ ሓዊስኻ ዘድሊ ሓደ ባዓል ሙያ ንሓደ ጣብያ
ሒሳብ ስትራክቸር ምፍቃድ (ክልል

- ኣብ 3ተ ጣብያ ሓደ ንህቢ ቴክኒሻን ዝተፈቐደ እኳ እንተኾነ ምስ ኢሮብ ዘሎ ኣቀማምጣ ሓደ ኣብ ሓደ ጣብያ ሒሳብ ተወሳኺቲ ሰብ ሞያ ምፍቃድ
- ናይ ንህቢ ኣከሰሰሪ ምድጋፍን ምቅራብን (ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት)
- ናይ ንህቢ ባዓል ሙያ ብወረዳ ደረጃ ክሳብ ዝቑፀር ግዝያዊ ሓገዝ ካብ ክልል ወይ ካብ ጎራባቢቲ ወረዳ ምርድዳእ ገይርካ ምትሕግጋዝ

10. ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ከም ወረዳ ንምኽፋት መንግስቲ ናይ በጀትን ኪኢላን ደገፍ እንተዝገብር

# 3.3. ካብ ዘይመንግስታዊ ትካላት

## ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን

- ኣብ ዓበይቲ ፣ማእኸለዎትን ኣናእሽቱ ግድባትን መስተ ማይን ትኹረት እንተዘገብሩ

## ትምህርቲ ዝምልከት ድማ

- ኣብ መምሃሪ ክፍሊታት ምውሳኽ
- ናይ ውሽጢ ናውቲ ምምላእ
- School Feeding
- ኣብያተ ትምህርቲ ብሶላር ምሕጋዝ

## ጥዕና

- ኣብ ክልተ ጥዕና ጣብያን 4 ተ ጥዕና ኬላን ናይ ሶላር ሓገዝ እንተዝገብሩ

## ዓሳቦል ብሙልእ ንምልማዕ ክካኣል

- ካብ 2-3 ኢንቹ መጠን ቱቦ 10000 ሜትር ሓገዝ የድሊ ።
- ናይ ቴክኒክን በጀትን ድጋፍ የድሊ ።
- ተደጋጋማይ ዝኾነ ብልሽት ስለዘጋጥም ነዚ ብዘላቒ ንምፍታሕ ብፅንዓት ምድጋፍ

## ብማረት እንተንሕገዝ እንብለን

- ከም ወረዳ ዘሎ ክፍተት ንምፅባብ ማረት ኣትዩ ኣብ ማይ ስራሕቲ ፣ሃ/እንስሳ ፣ትምህርቲ ካልኦትን እንተዝሕግዘና

ንደቅና ልምዓት እምበር ልመና ኣይነወርስን!





